## ኣብዚ ግምገማ ንኽትሕግዙና ንኽትሳማማዕ ተስፋ ንገበር።

### ኣነ ከመይ ገይረ ተመሪጸ?

ንሕና ነተን ኣብ Renton ን Seattle ን ዝርከባ፣ ንስድራ ቤታት ኣገልግሎት ዝህባ፣ ንብረተን ናይ መንበር ኣባይቲ ንዝኾና መሪጽና። ኣብቲ ዩኒታት ንዝነብራ ንኣዋልድን ኣንስቲን ዕድሚኤን 6-44 ዝኽዕናን፣ ኣወዳትን ኣሰብኡትን ዕድሚኦም 6-19 ዝኾኑ ኢና ክሳተፉ ንሓትት ዘሎና።

### ስለምንታይ ክሕግዘኩም ኣሎኒ?

ንዞም ዝስዕቡ ኣብ ምፍላጥ ክትሕገዝና ትኽእል ኢኻ

- ከመይ ኣመጋግባ፣ መግቢ ኣብ ፓላስቲክ ምብሳል፣ ናይ ጽባቀን ክንክን ቆርበት ምህርትታትን ጸረ ባልዕ ምጥቃም፣ ናብ ሰውነትካ እተእትዎ ናይ ኬሚካላት መጠን ይጸልዎ እንተኾይኑ።
- ኣብ ብመንግስቲ ሓገዝ ዝግበረሉ ገዛውቲ ዝነብሩ ሰባት፣ ምስ ኣብዚ ዘለናዮ ስቴት ወይ ኣብ ካባቢ ሃገር ዝርከቡ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ፣ እዞም ኬሚካላት እንተለዎም።
- ንዞም ኬሚካላት ኣብ ሰባት ከመይ ጌይረ ክንኪ ይኽእል።

### እንተ ተሳቲፈ እንታይ ክውሃብ እየ?

- ንዓቅመ ኣዳም ዝኣኸሉ ሰባት $25 VISA ካርድ ክረኽቡ እዮም።
- ዕድሚኦም 12-17 መንእሰያት $15 VISA ካርድ ክረኽቡ እዮም።
- ነፍስወከፍ ስድራ ቤት ንጸረ ባልዕ ንዝጋለጸሉ መጠን ንምንካይ ዝሕግዞ ሓበሬታ ክረክብ እዩ።
- ኩሉ ሰብ ብዘይምርት ሓጺን ዝተሰርሐ ናይ ማይ መትሓዚ ብራሾ ክውሃቦ እዩ።



### ኣብቲ ግምገማ እንተ ተሳቲፍካ፤

ንዓቅመ ኣዳም ዝኣኸሉን መንእሰያትን ናይ VISA ናይ ህያብ ካርዳት ክቅበሉ እዮም። ኩሉሰብ ብዘይምርት ሓጺን ዝተሰርሐ ናይ ማይ መትሓዚ ብራሾ ክውሃብ እዩ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፤

ናብ 1-877-494-3137 ደውል ወይ ናብዚ ዌብሳይት ኪድ http://www.doh.wa.gov/biomonitoring

እቲ መጽሄት ብስፓኒሽ፣ ራሻ፣ ሶማል፣ ቪየትናሚዝ፣ ካምቦዲያን፣ ኣምሓርኛ/ትግርኛን ባህላዊ ቻይኒዝ ተዳልዩ እዩ።

ስንክልና ዘለዎም ሰባት እንተሓቲቶም፣ ነዚ ሰነድት ብኻልእ ፎርማታት ተዳልዩ ስለዘልዎ ክወሃቦም ይኽእል እዩ። ንምሕታት፣ ናብ 1-800-525-0127 (TDD/TTY ደውል 711) ደውል።

WASHINGTON Environmental Biomonitoring SURVEY



# ኣንስቲ፣ ቀለውዕን መንእሰያትን፤

ብዛዕባ ጸረ ባልዕን ኣብ ላቲክ ዝርከቡ ኬሚካላትን ንዘሎ ምቅላዕ ንኽንፈልጥ ክትሕግዘና ትኽእL ኢኻ።

Washington State Department of Health ብዛዕባ ኣብ ገዛኻ ዝርከቡ ኬሚካላት ብዛዕባ ዝተዳለወ ኣገዳሲ ግምገማ ንኽትሳተፍ ይሓተካ ኣሎ።

Washington State Department of Health

DOH 210-089 March 2013 TIGRINYA

## እቲ ግምገማ ነዞም ዝስዕቡ ምህርትታት ብዛዕባ ምጥቃምካ ክሓተካ እዩ



ሚይካፕ



ናይ ፕላስቲክ መትሓዚ



ናይ ፕላስቲክ መትሓዚ ማይ



ኣብ ታኒካ ዝተዓሸገ መግቢ



ጸረ ባልዕ

3/2013 TIGRINYA

## ቀጺሉ እንታይ ክኸውን እዩ?

ኣብ ቀረባ እዋን፣ ን Washington State Department of Health ዝሰርሑ ናይ ፊልድ ሰራሕተኛታት፣ ብዛዕባ እቲ ግምገማ ንኽገልጹልካን ክትሳተፍ ፈቃደኛ እንተኾይንካ ንክሓቱኻ ናብ ገዛኻ ክመጹ እዮም። ስእሊ ዘለዎ ናይ ማንነት ካርድ ክህልዎም እዩ። Washington State Department of Health ዝብል ሰደርያ ኸኣ ክገብሩ እዮም። ክትሳተፍ ፈቃድኛ እንተኾይንካ፣ እቲ ምብጻሕ፣ ብመጠን ኣብቲ ግምገማ ክሳተፉ ዝደልዩ ቁጽሪ ኣባላት ስድራ ቤትካ ክሳዕ 45 ደቃይቕ ክወስድ ይኽእል ይኸውን።

## እንተ ተሳቲፈ እንታይ ክገብር ክሕተት እየ?

- ጸረ ባልዕን ኣብ ላስቲክ ዝርከቡ ኬሚካላት ክምዘለዉ ንምርማር ዝኽእለና ክልተ ናይ ሽንቲ ናሙና ክትህበና።
- ነቲ ሽንቲ ክሳዕ እንወስዶ ፍሪዝ ጊርካዮ ምጽናሕ።
- ከም ዝበላዕካዮም መግብታት፣ ዝተጠቀምካሎም ናይ ፕላስቲክ ምህርትታትን ዝተጠቀምካሎም ናይ ሀመማ መቅተሊ ፍሊታት ዝኣመሰሉ፣ ብዛዕባኻን ብዛዕባ መንበር ገዛኻ ሕቶታት ምምላስ።
- እዚ ኹሉ 30 ደቃይቕ ጥራሕ እዩ ክወስድ።

## ንውጽኢታተይ መን ክፈልጦ እዩ?

ናይ Department of Health ጋንታ ጥራሕ እያ ኣብዚ ግምገማ መን ይሳተፍ ከምዘሎ ትፈልጥ። ንኹሉ ሓበሬታ ብምስጢር ኢና ክንሕዞ። ኣብቲ እንእከቦ ሓበሬታ ኣስማት ኣይክጽሓፉን እዮም። ንውጽኢት ናይቲ ግምገማ ከም ግሩፓ ጌርና ጥራሕ ኢና ሪፖርት ክንገብሮ።

## እቶምን ክትፈልጦም ትደሊ ኬሚካላት ኣየኖት እዮም?

ጸረ ባልዓት፣ BPAን phthalatesን ።

- **ጸረ ባልዓት** ኣብ ከባቢ ህንጻታትን ሕርሻታትን ንዘለዉ ከም ጸጸ ንዝኣመሰሉ ነፍሳት ንምቁጽጻር የገልግል።
- Bisphenol A (BPA) ከም ዕብይ ንዝበሉ ቀለውዕ ዝኸውን ጡጦን ናይ ማይ መትሓዚ ብራሾ ዝኸውን ጽንክር ዝበለ ፕላስቲክን ናይ መግቢ ታኒካ ጫፋት ኣብ ምስራሕ የገልግል።
- Phthalates ለስላሳ፣ ዝጠዋወይ ፕላስቲካት፣ ናይ ቫይናል ምህርትታትን ናይ መግቢ መዓሸጊ ምህርትታት ኣብ ምስራሕ የገልግል። ከም ሻምፑ፣ ሎሽንን ሜይክኣፕ ዝኣመሰሉ ኣብ ገለ ገለ ናይ ቁንጅና መካናኺ ምህርትታት እዮም ዝርከቡ።

## ናይ Department of Health ብዛዕባ እዞም ኬሚካላት ስለምንታይ ክትፈልጡ ይደልየኩም?

- Department of Health ብመገዲ ምክልኻልን ኣስተምህሮን ገይሩ ንጥዕና ክከላኸል እዩ ዝጽዕር።
- እዞም ኬሚካላት ኣብ መባእታዊ ህይወቶም ንዘለዉ እንስሳታት ክምዝሃስዮም ምርመር የርኢ። እዞም ኬሚካላት ኣብ ቀለውዕ፣ መንእሰያትን ዕድሚኤን 20-44 ዝኾና ኣንስቲ ክሳዕ ክንደይ ከምዘለዉ ሳይንቲስታት ክፈልጡ ይደልዩ።

## ክሳትፍ እንተዘይደሊኹ'ኼ?

ምስታፍ ናትካ ምርጫ እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን ደው ክተብል ትኽእል ኢኻ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ኣብ ስድራ ቤትካ ዝኾነ ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ እንተዘየለ፣ ናብ Washington State Department of Health ፣ ብናጻ ብዘደውል ቁጽሪ 1-877-494-3137 ጊርካ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ብመንግስቲ ሓገዝ ዝግበረሉ ገዛ ዘይትነብር እንተኾይንካ ወይ ኣብ ውሽጢ እቲ ገዛ ኣዋልድ ወይ ዕድሚኤን 6-44 ዝኾና ኣንስቲ፣ ወይ ኣወዳት ወይ ዕድሚኦም 6-19 ዝኾኑ ኣሰብኡት እንተዘየለዉ ኸኣ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ደሓር ክትሳተፍ እንተ ደሊኻ፣ ደውለልና።